# ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ ኤርትራውያን ተቐማጦ ሚነሶታን ከባቢኡን



1ይ ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ ኤርትራውያን ተቐማጦ ሚነሶታን ከባቢኡን ብዕለት 30 መጋቢት 2013 ዓ.ም ኣብ ኣዳራሽ ማሕበረሰብ ኤርትራ ብዓወት ተቓኒዑ። ኣብዚ ብዓቢ ሃገራዊ ፍናን ዝተኻየደ ዕዉት ኣኼባ: ብርክት ዝበሉ ወለድን መንእሰያትን ተረኺቦም ሰፊሕ ዘተ ኣብ ሃገራዊ ዓወታትን ትስፍው መጻእን ዘትዮም። ኣኼባ ብመሪሕነት ዋና ጻሓፊ ሽማግለ መኸተ ሚነሶታ: ኣቶ ኣስረስ ጻሃየ ነቶም ኩሉግዜ ዝዓበየን ዝዓዘዘን ክብርን ዝኽርን ንህቦምን ሕድሮም ብምትግባር ድማ ህላዌና ኣረጋጊጽና መጻኢና ከነውሕስ ዘብቅዑና ሰማእታትና ብሕልና ክንዝክር ብምጽዋዕ ነቲ ኣኼባ ከፊትዎ። ኣቶ ኣስረስ



ቀንዲ ዛዕባ ኣኼባ ኣብ ህልዊ ርግኣትን ዕብየትን ቁጠባዊ ወፍሪ ሃገርናን ዘቶከረ ምኻኑ ብምሕባር: ንሃገርና ኤርትራ ዘጋጠምዋን ዘጋጥምዋን ዘለዉ ተጻብኦታት ብንቕሓት ኣብ ምምከት ዘላና ተራ ክንምልስን ነቲ ተኸፊትልና ዘሎ ናይ ወፍሪ ዕድላት ብምርዳእ: ተሳተፍቲ ኣኼባ ሰፊሕ ዘተ ከካይዱ ዓዲሙ። ኣቶ ኣስረስ ሃገርና ኤርትራ ሳላ ዉፉይ መንግስታን ህዝባን ንኹሉ ተጻብኦታት ሰዒራ ኣብ ጎደና ዓወት ትርከብ ከምዘላ ብምጥቃስ ንዘሎ ህልዊ ምዕባለታት ብዝሰፈሐ መልክዑ ክገልጸ ንዶ/ር በረኸት ፈዳይ ናብ መድረኽ ዓዲሙ። ዶ/ር በረኸት ፈዳይ ቀጻሊ ብዘይምሕላል ሰፋሕቲ ማሃርን እዋናውን ኣስተምህሮታት ኣብ ማሕበረሰብናን ሃገርዊ መደባታትናን ዘቕርብ ዘሎ ዉፉይ ዜጋ ኮይኑ ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ኣኼባ ኣብ ምርጋግጽ ሃገርዊ



ህላዌን ብኣንጻሩ ድማ ገበቲ ሓይልታት ንምጥፋእ ሃገራዊ ህላዌ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ዘሎ ናይ ሓይሊ ስሕበት ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብረሂ ሂቡ። ዶ/ር በረኸት ንድሕሪት ናብ ታሪኽ ኤርትራ ብምምላስ ታሪኽ ስትራተጂካዊ ምዝላቕ፡ ምዝዛም ናጽነት ኤርትራ ብሕጋዊ ረፈረንዱም፡ መደባት ሳዋን ወፍሪ ዋርሳይ-ይካኣሎን ከምሓይልታት ስሕበት ምርግጋጽ ህላዌ ዝነበሮም ተራ ገሊጹ። ከምስሕበት ሓይሊ ምርግጋጽ ሃገራዊ ህላዌና፡ ኣብ ቁጠባውን ማሕበራውን ፓለቲካውን ምዕባለ ሃገርና ተረጋጊጹ ዘሎ ዕብየት፡ ኤርትራ ዘይከምካልኦት ሃገራት ኣብ ዓወት ትርከብ ዘላ ሃገር ምኻና ዘረጋግጹ ኣብነታት ዘርዚሩ ኣቕሪቡ። ኣብ ኩሉ ጽላታት ቁጠባን ማሕበርዊ ኣግልግሎታትን ትሕተ ቅርጽን ዝተሰላሰሉ ዓብይቲ መደባት ድማ ብኣሃዝ ብምቕራብ ስሕበት ሓይሊ ምርግጋጽ ህላዌ ብግብሪ ይሰርሕ ከምዘሎ ኣብሪሁ። ዶ/ር በረኸት ፈዳይ ነቲ ካልእ ሸነኽ ስሕበት ሓይሊ ምግባት ህላዌ ሃገራት ከብርህ ከሎ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ብፍላይ ድማ ስርዓት ወያነ ነቲ ብወራር ዝጀመሮ ተጻባኢ መደባቱ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ንምትግባር ንኤርትራዉይን ዝመስሉ ዜጋታቱን ገለ ከዳዓትን ብምውፋርን ላዕዎት ሰበ-ስልጣናቱ ነቲ መደብ ክመርሕዎን ከማእክልዎን ዝገብሮ ዘሎ ሸበድበድ፡ ብፍላይ ድማ ንኤርትራውያን መንእሰያት ብዝተፈላለየ መንገዲ ንዘፍቅርዋ ሃገሮም ሓዲጎም ክስደዱ ዝድርኽ ባይታ ብምምቻእን ኣብስደት ዘሎ ኤርትርዊ ብሓፈሻ፡ መንእሰያት ድማ ብፍላይ፡ መሳርሒ ፓሎቲካዊ ዕላማታቶም ንምግባር ኣብ ልዕሊ ንጹሃት መንእሰያትና ዘውረድዎ በደላት ብምዝርዛር፡ ገበናቶም ኣብዚ ከይተሓጽረ ቅሉዕ ግብረሽበራዊ ገበን ኣብ ልዕሊ ኣብ ሃገረ ሸወደን ዝርከባ



ማሕበረሰባት ኤርትራ ተፈጺሙ ከምዘሎን ነዚ ግብረሽበራዊ ገበን ዝፈጸሙ ሰባት ድማ መንግስቲ ሽወደን ናብ ቤት ፍርዲ ከቕርቦምን ኩነታት ኤርትርውይን ተቐማጦ ሽወደን ግቡእ ኣቓልቦ ክገብረሉን ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዘለዉ ኤርትራውያን ጥርዓኖም ናብ ኤምባሲታትን ቆንስላትን መንግስቲ ሽወደን የቕርቡ ከምዘለዉ ሓቢሩ። ዶ/ር በረኸት መግለጺኡ ብምቕጻል ኤርትራ ናጻን ንጹርን ሃገራዊ መስመር ብምኽታላ ንዘጋጥማ ዘሎ ተጻብኦታት መልሳ ኣብ ኤርትራ ደሞክራሲ ማለት ምምሕይሽ መነባብሮ ህዝባን ምርግጋጽ ማሕበራዊ ፍትሕን ምኻኑ ብምጥቃስ ቀዳምነታት



ኤርትራ ምውሓስ ሃገራዊ ልኡላውነት: ምንባይ ስድራቤት ሰማእታት: ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ: ምርግጋጽ ማሕበራዊ ፍትሒ: ምጥይስ ሰራዊትን ግስጋሰ ናጻ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ምኻኑ ብምብራህ: ነዚ ብግብሪ ንምርግጋጽ ኤርትራዊ ዜጋ ንቕሓቱ ክብ ከብልን ሓድነቱ ከጽንዕን ውዳቢኡ ከሐይልን ይግባእ ኢሉ። ዶ/ር በረኸት ንተራ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝቕመጡ ኤርትርውያን ዜጋታት ኣመልኪቱ እምነትና ኣብ ጸጋታት ህዝብና ምኻኑ ክንዝክርን ኣብ ቁጠባዊ ወፍሪ ብርክታትን ዝውገና ዘለዋ መንግስታዊ ትካላት ኣብ ምዕዳግን ከምኡውን ብሕታውያን ትካላት ኣብ ምኽፍታን ነቲ መንስግስቲ ኤርትራ ከፊቱልና ዘሎ ዕድላት ብግቡእ ክንጥቀመሉን ኣብ ባንክታት ኤርትራ ብናይ ወጻኢ ሸርፊ ሕሳብ ኣብ ምኽፋትን ዘሎ እዋናዊ ተኽእሎታት ወፍሪ ብምብራህ ኤርትራውያን ዜጋታት ናብ ሃገሮም ዝገብርዎ ምብጻሕ ኣገዳስነቱ ማዕረ ክንደይ ዓቢ ምኻኑ ድሕሪ ምብራህ እቲ መሳጢ ሃገርዊ ኣስተምህሩኡን መብሪሂኡን ዛዚሙ።



ድኽሪ ኣስተምህሮን መብርህን ዶ/ር በረኸት ፈዳይ ተሳተፍቲ ናብ ሕቶን መልስን ብምስጋር ኣብ ምምካት ኩሉ ዓይነት ተጻብኦታት ክንክተሉ ዘለና መስመርን ከነመስክሮ ዘላና ተወፋይነትን: ኣብ ምኹስካስ መንእሰያትና ከነተግብሮም ዘለና መደባትን ንግብረሽበራዊ ፍጻሜ ምቅጻል ኣዳራሽ ማሕበርሰብ ኤርታራ ኣብ ሽወደን ተቓውመና ኣንዳገልጸና ኣብነኒ ኤርትራዊይን ዜጋታትና ድው ኢልና ኣለና ብምባል መኽተኦም ንምሕያል ድልውነቶም ከምወትሩ ደጊሞም ብምርግጋጽ ቀዳማይ ኣኼባ ህዝባዊ መኸተኦም ብዝኽሪ ሰማእታት ኤርትራ ብዓዎት ዛዚሞም።

ዓወት ንሓፋሽ!!

ሽማግለ መኸተ ሚነሶታን ከባቢኡን

30 መጋቢት 2013 ዓ.ም።